# ተባዕታይ ደርሆ እንተነቀወሲ መሬት ብሳላኡ ትወግሕ ዘላ ይመስሎ

ትማሊ ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ኣብ እነካይዶ ዝነበርና ደማዊ ቓልሲ: እቶም ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዝነበሩ ጸላእትና ኣብ ሰብ ሰርሖ መነጽር ከይተጸበና: ነቶም ኣሳሰይቲ ኾይኖም ወትሩ ንኽለኣኹ ጥራይ ዘምሕረሎም: ነታ እንኮ ምህላዎም 'ውን እንተኾነ ኣብ ትኳቦን ውህብቶን ዝሰርዑ: ናይ ባዕሎም ሓሳብ ዘይብሎም ስርዓታት ኢትዮጵያ: ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኮይኖም በቲ ሄልመት ዝወደየ ኣራእሶምን ኪሎታት ዝምዘን ዝረግጽሉ ዶግዱግ ወትሃደራዊ ጫማን ህዝቢ ኤርትራ ከይተዳህለ: ንእሾኽ! ብእሾኽ!!! ነቒሱ ክስዕሮም እንከሎ: ናይ ርሑቕን ቀረባን ጸላእቱ ብዝግባእ ኣለልዩ ኢዩ ዝቃለስ ነይሩ:: ዊንታ ገድልን መስገደልን ሚዕርዎ ዘይኮነ: ከም ዝምዕር ገይሩ ስለ ዝተቓለሰሉ: ተጋዳላይ መዓልቦ ናይ'ታ ዝውንጭፉ ዝነበረ ሓባሪ ጥይት: መዋድቖ ናይ'ቲ ዝውርውሮ ዝነበረ ቦምባ ኢድን: ብስቕሎ ዘሐምብቦ ዝነበረ መዳፍዕን: ክንደይ የውድቕ? ክንደይ ይቐትል? ትርፊ ኽ ክንደይ ይማሪኽ? ገድሊ ዘይኮነ ህዝቢ ስለ ዝነበረ ኢዩ: ኪኖ እቶም ለኣኽቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንዘለዉ ተጻባእቲ ደርማስ ሓይልታት ዓለምና ዝጽውዑ: ክልተ ደምበ ምብራቕን ምዕራብን: ሓይልታት ናይ ትማልን ሎምን ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓን: ንኻሊኢት 'ውን ሰኺኽ ከይበለ: ነዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ዝበቕዐ::

ሓንከርትና ቅድሚ ገድልን መስገድልን ብብዙሕ ኢዮም ፈቲኖምና: ምህላውና ስለዘይመዓሮም ኣብ'ዛ እንኪሒራ ዓለም: ከም ሕጊ ዓሳ ከይሰሰና ንኽውሕጡና ሃቂኖም ጥራይ ዘይኮነ: እዚ ቓልን ግብርን እዚ: ናይ ትማሊ ዝኽሪ: ንናይ ሎሚ ታሪኽ መሐበሪ ዝኾነና ወስታ ናይ'ቲ ክንመውት እንተዘይተኻኢሉ ድማ: ድምጽና ንመዋእሉ ንኽይስማዕ ክንዕበጠሉ ዝተዋደደ መሸርኻና ዓመጽቲ ዝኾነ ዊዲት ማእለማኦም ምድህሳስ: ንከይዲ ጽባሕና ዘርህው: ንጽዋእ በርከትና: ኪኖ ሎሚ ንጽባሕ ጥራይ ዘይኮነ: ንዘንተ -ዓለም ወ-ዓለሙ ዘንብረና: መጻኢ ወለዶና ቑጹይ ሽሻይ ዝቋደሰሉ: መወዳእታ ናይቲ መጀመርያ ዝኾነ ታሪኽ እንተዳህሰስና: መሰለትና ንምጽብባቕ ዘይኮነ: መራሺ ጉዕዞና ነቲ ነባሪ ህንጸት ምዕባሌና ዝኾነ ህየሳ መጻኢ መደባትና ንምሕንጻጽ ንኽጥዕመና ኢዩ:: ንኺድ ጥራይ!!! መኼዳና ግን: ምዕራፍ ጅምርን ፈጽምን ዘለዎ: መትከላዊ ዕላማ ኢዩ::

ራውያ ኣብ ባሕሪ ሓምቢሱ ዝበሃለሉ ጽውጽዋይ ኣይኮናን ዘለና: ቀዳማይ ስርሒት ባቢሎን ኣብ ቁዱሳት መጻሕፍቲ ተነጊሩሉ ተሓሊፉ ኢዩ:: ሎሚ ጌና ኣብ'ቲ እነናሻዕ ዝቕጽል ዘሎ መድርኽ ፍጻሜ ካልኣይ ባቢሎን ኮይና: ሰደቓ ሓቅታት ኣብ ኢድና ጨቢጥና ንሚጎተሉ እዋን ኢና ዘለና: ክንዲ ዝኾነ ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ እነቕርቦ ጽሑፍና: ከም'ቲ ልዕል ክብል ሂብናዮ ዘለና ኣርእስቲ ምርኩስ ገይርና ኢና ክንዝቲ:: ዘተና ግን: ዘተ ንስለ ዘተን ሞጎተን ዘይኮነ: ንስለ ርትዕን ጽንዕን: ንስለ ድሕነት ትማልን ሎምን ኢዩ:: ኤርትራ ክትህሉ ኣለዋ ኢዩ እምንቶና!!! ኣይፍለጥን መን ከ ኣይትሃሉ ኢሉዋ ዲዩ? ዝብሉ: ንልቦም ብእግሮም ዝሓምተልዋ: ንዓይኖም ምእንቲ ንኻልኦት ከሐጉሱ ኣብ ክንዲ ብሓቒቕ ማይ: ብዝመጭቆረ ሽብጢ ሓጺቦም ብዘዕወርዎ ዓይኖም ዳህሲሶም እንዳሰማዕናዮም እንከለና: ኣይፋል ንስኹም ድኣ ዘየለኹም: ኣይረኸብናኩምን ዝብሉናስ ኣይተሳእኑን: ብቐደሙ 'ውን ምህላውና ዝዓርያሮም ሰብ ሕንቕትና ድኣ: ከመይ ቢልና ክንረኣዮም:: ከመይ ቢልናኽ ክንምዕሮም:: እቲ ጸገም እኮ መዓርኩም ሃቡና እሞ: እቲ ንህበኩም ዓንዴል ዕረ: ፍሽኽታ ወሲኽኩም ወሓጡ ኢዩ ዘየሳንየና ዘሎ:: ንሶም ፍሑኽ ፍሑኽ ኢሎም ዝተኸለዎ እግሪ: ኣይፋል ንዘለኣለም ምጉርባስ ኢዩ ዘጸብቐልኩም እንክብሉና: ተሪርናዮም እንተፈቐዱ 'ዉን: ኪኖ ድንን ምባል ክሳድኩም ኣይተቕንዑ ዝብሉ: ንኾኾብ ብኢዶም ክጭብጡ ዝደናደኑ: ናይ ዘበና ፎርኦናት እንተገጠሙናኽ: ንጎልያድ እኮ ዳዊት ኢዩ ስዒርዎ:: እቲ ምስዓር ግን: ጽውጽዋይ ኣይነበረን:: እምንቶ ሓቅነቱ እምበር: ውዕለት መዓልቲ ኣይነበረን:: ንፎርኦን 'ውን ኣብ ሓቂ ዝጸንዐ በትረ ሙሴ ኢዩ ደምሲስዎ:: መልሓስ ትኸስስ ኣላ: ዋና እንተረኺባ ኸኣ: ብመልሓስ ከይትፍረድ ዘስተብሃለት ኣይትመስልን: ጸወታ ገበጣ ኣብቂዑ ኢዩ:: ሕጂ ውን ክንጠራጠር ናይ ግድን ኢዩ:: ምጥርጣርና ግን: ሰዓርን ተሰዓርን ኣይኮናን ክንርኢ ንህንጠ ዘለና: ጸብለልታ ሓቅን ፍትሕን ኣብ ቅድመና ከቃልሓ ኢና: ምልኣት ልብና ክንርኢ ኣርሒና ዘለና::

ኣቦታትና ኣብ መሬት ዘይወድቕ ዘረባ ኢዮም ዝዛረቡ: ምኽንያቱ ካብ ምህሮስ ኣእሙሮ 'ውን እኮ ተባሂሉ: "ቀሺ ገበሮን ኢልካ ኣይትግበር: ቀሽን ዝበለካንከ ግበር::" ኢዩ ነገሩ: ወያ መሰል ኣህዛብ ጥራይ ዘይኮነ: መሰል ውልቀ ሰብ 'ውን: ብደሞክራስያዊ እምንቶ ክኽበረሉ ኣለዎ ኢላ ልዕሊ መድግም ዘረባ መቓልሕ ሞግስዕ እትመልስ: ከም ኣደን ኣቦን ደሞክራሲ እትስመ ኣመሪካ ኢያ: ንህዝቢ ኤርትራ ደሞክራስያዊ መሰሉ ብሓይሊ ብምዕፋን: ናብ ዲቕ ዝበለ ጸልማት ክትሸሞ እንከላ: ኣቐዲማ ዘሕለፈቶ

ውሳይ ነይሩዋ ኢዩ:: ኣይቀደዋን! ልኡኻታ ከም ልቦም ኣይተዓወቱን እምበር: ሓድሕዳዊ ደም ምፍሳስ ህዝቢ ኤርትራ ብጊሓቱ ንምርኣይ ዓይና ኣይሓሰየትን: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ኤርትራ ሊቃውንታ በጃ ዝኸፈለት::

እዚ ካብ'ቲ ኣብ ቀዳማይ ባቢሎን እትብል ዝጸሓፍናዮ ጽሑፍ ዝተወስደ መእተዊ ጌርና: ናብ'ዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍና ክንኣቱ እንከለና ካብ ባዶ ተበጊስና ኣይኮናን: መበገሲ መልእኽትና ከም'ቲ ኣብ ኣርእስትና ሂብናዮ ዘለና:- "ተባዕታይ ደርሆ እንተነቀወሲ መሬት ብሳላኡ ትወግሕ ዘላ ይመስሎ”





ኤርትራ ከም ኩለን ሃገራት ዓለም ሉኡላውነታ ዘረጋገጸት ጥራይ ዘይኮነት: እታ እንኮ ኣብ ሕርያኣ ንጂኦ-ፖለቲካዊ ኩነታት እትቕይስን እትመርሕን ዘላ: ንበትርን ካሮትን ዘይተኣንግድ ብልጽቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ምዃና ኣብ ዝመስከረትሉ ህሞት: ጌና እቲ ናይ ለመምታ ተጻብኦ ኤርትራ ነፈግታ ብዘይብሉ መንገዲ: ኪኖ ዓንቀሩ ጊዒሩ ኣብ ዝጸፈሉ ዘሎ ህሞት ኢያ ካብ ናይ ውሽጢ ሃገርን: ናይ ግዳምን ብምጥርናፍ ኣብ ኣህጉራዊ ዓለም-ለኻዊ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ እትሳተፍ ሕርይቲ ጋንታ ናብ ሃገረ ቦትስዋና ዝለኣኸት::





ዓመተ 2001: ሰጊርና ናብ 2002 ኣቲና ኣለና ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ ይብሃል:: ድሮ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናብቶም መንግስቲ ኤርትራ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንማህደረ ትምህርቲ ኢላ ዝለኣኾቶም ተመሃሮ ተጸምቢርዎም ኣሎ:: ምስ ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ: ተስፋልደት ኣለም መሓረና ስርሑ ጠንጢኑ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ተበጊሱ ስዒብዎ ኣሎ:: ኣባል ጉጅለ 15 ዝኾነ ኣብ ጀርመን ዑቕባ ዝሓተተ ኣማሓዳሪ ዞባ ደቡብ ዝነበረ መስፍን ሓጎስን: ኣባል ጉጅለ 15 ኣምባሳደር ኣድሓኖም ገብረማርያም ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ዶክተር ዮናስ መሓሪን ኣባል ጉጅለ 13 ዶክተር ኣሰፋው ተኸስተ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ሓደ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ዝብሃል ፖለቲካዊ ውድብ ኣቛሞም ኣለው:: ሓደ ብስም እቲ ኣቛሞሞ ዘለው ውድብ ዝዘወር ድምጺ ሓርነት ዝብሃል መደበር ፈነወ ራድዮ ንምቛም ካብ ዘለዎ መደብ ምርኩስ ብምግባር ከኣ: ብመንገዲ ዶክተር ኣሰፋው ተኸስተ ክልተ ደሞዝ ዝተቖጽሩ ኣዳላውን ነብብን ቆጺሮም ኣለዉ:: ሚኒስትሪ ዜና ንትምህርቲ ኢሉ ዝሰደዶ ኣማኒኤል ኢያሱ ካብ ዓባይ ብሪጣንያን: ነባሪት ሆላንድ ዝኾነት ፈቬን ሰሎሞንን ንፈነወ መደብ ራድዮ ዓረብ እተመላኣሎም ከኣ ኣማል ዓሊ ተጸምቢራቶም ኣላ:: ነዚ ወጻኢታት እዚ ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ በቲ ካብ ጆርጅ ሶሮስ ዝድጎመሉ ገንዘብ ኢዩ ዘካይዶ ዘሎ::










ተስፋልደት ኣለም መሓረና ብተመሳሳሊ ካብ'ቲ ካብ ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ ዝወሃቦ ድጎማ ገንዘብ: ድሮ ራድዮ መሰልና ደሊና እትብል ኣብ ትሕቲ መርበብ ሓበሬታ ኣዝማሪኖ ካብ ዝፍኑ ሓጺር እዋን ኣይገበረን ዘሎ:: ዶክተር በረኸት ሃብተስላሴ ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይኑ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣትዩ ኣሎ:: ነቲ በቶም ንማህደረ ትምህርቲ ኢሎም ዝመጹ ተማሃሮ ክምስረት ዝተደልየ ማሕበር ዓቢ ምድላዋት ተገይሩ ኣሎ:: ብስም Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተመስሪቱ ኣሎ:: ሕጂ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ፈነወ ራድዮ ድምጺ

መሰልና ደሊና ዝብል ፊነወ ክጅምሩ ብመንገዲ ተስፋልደት ኣለም መሓረና ን20 ሰባት ሓጺር ኮርስ ተዋሂቡዎም ኣሎ::




ዶክተር ዳኒኤል ከበደ ረታ: (ዳኒኤል ረዘነ መኮነን) ሓደ ካብቶም ቀዋሚ ቦርድ መሪሕነት ናይ'ቲ ብስም Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ኮይኑ ምስ ዶክተር ዮናስ መሓሪ ብሓደ ተመሪጸም ኣለው::

ዓመታት ሓሊፉ ሜሮን እስቲፋኖስ (ሜሮን መሓመድ ኣወል ሓሰን) ኣብ 2007 ተጸምቢራቶም ኣላ:: ቀንዲ መስረትቲ ናይ'ቲ Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ናብ ምብትታን ገጸም ከይዶም ኣለዉ:: ነቲ ማሕበር እዞም ዝስዕቡ ቀወምቲ ኣባላት ወኒኖሞ ኣለዉ::

ስምኦን ወልደሃይማኖት ይብሃል:: ነባሪ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኢዩ:: ኣብ ማእከል ኢመግረሽን ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናይ መጽናዕቲ ጉጅለ ኦፊሰር ኮይኑ: ብመደብ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝቐንዐ ነቲ መርማሪት ጉጅለ ሰብኣዊ መሰላት ዝተባህለት እትጥቀመሉ ክልተ ናይ ፈጠራ መጻሕፍቲ ዘዳለወ ኢዩ::

Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR)

| | |
|---|---|
|  |  |
| ስምኦን ወልደሃይማኖት | ሜሮን እስቲፋኖስ (ሜሮን መሓመድ ኣወል ሓሰን) |
|  |  |
| ኮሎኔል ዶክተር ዮናስ መሓሪ | ዶክተር ዳኒኤል ረዘነ መኮነን(ዳኒኤል ከበደ ረታ) |

ወያነ ንዶክተር የዕብብዮ ወልደማርያም ናብ ኣዲስ ኣበባ ዓዲማቶ ኣላ:: ድሮ ኣብ'ቲ ናይ ኣዋሳ ኣኼባ ተሳቲፉ ኣሎ ኣሜሪካዊት ዶክተር ትሪችያ ረድከር ሆፕነር ናይ ኣንትሮፖሎጂ ምህርቲ ኮይና ንኽልተ ዓመት ከተስተምህር ናብ ኤርትራ ኣትያ ኣላ:: ዶክተር ትሪችያ ድሒሩ ብዝተረጋገጸ ናብ ማእከል ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ሰሊኻ ብምእታው: ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ዝንቀሳቐሱ ተማሃሮ ንምውዳብ: ብማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ ተመልሚላ ተላኢኻ ምንባራ ኢያ::

እቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተመስረተ ማሕበር ተለጣፊ ማሕበር ከም ዘድልዮ ተኣሚኑሉ: ነዚ ክልቲኡ ማሕበር ብላዕለዋይ ኢድ እተወሃህድ ዶክተር ትሪችያ ረድከር ሆፕነር ኢያ:: እቲ ንሳ

ዘላቶ ማሕበር Eritrean Youth Solidarity for Change (International Commission on Eritrean Refugees (ICER) ዝብል ስም ተዋሂቡዎ ኣሎ:: እዞም ዝስዕቡ ኸኣ: ኣባላት ናይ'ቲ ዶክተር ትሪችያ ዘላቶ ማሕበር ኢዮም::

Eritrean Youth Solidarity for Change (International Commission on Eritrean Refugees (ICER)



ስምኦን ወልደሃይማኖት



ዶ/ር ትሪችያ ረድከር ሆፕነር



ኮ/ል ዶክተር ዮናስ መሓሪ



ሜሮን እስቲፋኖስ (ሜሮን መሓመድ ኣወል ሓሰን)



ዶ/ር የዕብዮ ወልደማርያም

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብስም Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ዝተመዝገበ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ: ናይ ተጻብኦን ዕንደራን ብቐንዱ ድማ ኣብ ትሕቲ ጉልባብ ምጥባቕ ሰብኣዊ መሰላት ዝብል ስም መጸውዒ: ንዘይሕጋዊ ፍልሰት ደቂ ሰባት ዝሰርሕ ዘሎ ማሕበር ኢዩ::

ወኪል ናይ ማሕበር Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ኣዳነ ባህልቢ ናብ ቦትስዋና ኣትዩ ኣሎ:: ኤርትራ ኸኣ: ኣብ ግዳም ብዝነብሩ ተጻወትቲ ዝተጸምበርዎ ሓደ ጋንታ ናይ ተጻወትቲ ኩዕሶ ትወዳደብ ኣላ:: እቲ ብኣባላት ማሕበር ሞያውያን ሕጊ ብዝብል ስም: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብሕጊ ዝተመዝገበ ትካል ብመንገዱ ነቲ local law firm Bayford and Associates ስፖርተኛታት ካብ ኤርትራ ናብ ቦትስዋና መጺኦም ክጻወቱ ምኻኖምን: ኣብ ቦትስዋና ዑቕባ ክሓቱ ምኻኖምን ብሕጋዊ መንገዲ እንታይ ክግበረሎም ከም ዝኽእል ይዘራረብ ኣሎ::

ብወገኑ እቲ ኣብ ቦትስዋና ዝመደበሩ local law firm Bayford and Associates ዝበሃል ትካል: ነዚ ጉዳይ ንኸሳልጥ ናይ $350.000 (ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ዶላር) ንናይ ምጥባቕ መስርሕ ክሓትት ምኻኑ ተሰማሚዑ ኣሎ:: እቲ ናይ ኤርትራውያን ማሕበር ሞያ ሕጊ ነቲ ዝቐረበሉ ናይ ገንዘብ ሕቶ ናብ Eritrean Youth Solidarity for Change (International Commission on Eritrean Refugees (ICER) ኣሰጋጊርዎ: ድሮ ኸኣ ብመንገዲ እቲ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ጆርጅ ሶሮስ ዝምራሕ: ሶሮስ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር ትካል እቲ ገንዘብ ብመንገዲ ዶክተር ትሪችያ ረድከር ሆፕነር ወጻኢ ከም ዝኸውን ተገይሩ ኩሉ ምድላዋት ተወዲኡ ኣሎ::

እቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብሕጊ ዝተመዝገበ Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ዘድሊ ቀጥዕታት ብምዝዛም: ኤርትራውያን ተጻወትቲ ናብ ቦትስዋና ክመጹ ኣብ ምጽባይ ኢዩ ዘሎ:: ነዚ ኹሉ ኣብ ሕጋዊ መዳይ ምድላዋት ዝገበሩ ኣባላት ማሕበር ሞያውያን ሕጊ ኸኣ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም::

## ኣባላት ማሕበር ሞያውያን ሕጊ


ሚኪኤል ግርማይ


ሳምራዊ ዑቕባይ


ማሕሙድ ዑመር


ዳኒኤል ከበደ ረታ



ወኪል Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ኣዳነ ባህልቢ ብመሰረት ናይ ሕጊ ማእከል local law firm Bayford and Associates ዝሃቦ ሓበሬታ: ናብ መደበር ፖሊስ ክትልዋኖ ፍራሲስታውን Plot No.: 10468/OJ4/OD Tel: 2412220/2423009 Enquiries: 2423000/2423004 Fax: 2414433 ኣምሪሑ ኣቐዲሙ ምስ ኣዛዚ ናይ'ቲ መደበር ፖሊስ ተዛትዩ ከም ዝወደአ ናብ በዓል ሜሮን መሓመድ ኣወል ሓሰን (ሜሮን እስቲፋኖስ) መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ ኣሎ:: ኩሉ ዘድሊ ምድላዋት ተወዲኡ ኣሎ:: እቲ ትጽቢት ነታ ሃገራዊት ጋንታ ናብ ቦትስዋና ንኽትመጽእ ምጽባይ ጥራይ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ::

Botswana Police Service

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ናብ ቦትስዋና ኣምሪሓ ኣላ:: ትካል local law firm Bayford and Associates ኣብ ዕለት 12-10-2015 ንምትራፍ ናይቶም ሃገራዊት ተጻወቲ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣመልኪቱ ንናይ ዑቕባ መሰሎም ሕቶ ጥርዓን ኣዳልዩ: እዚ ክልተ መዓልቲ ቅድሚ ኢዶም ሂቦም ምባሎም ኢዩ:: ሚኒስትሪ ፍትሒ ቦትስዋናን ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያትን ምክልኻል ናይ'ታ ሃገርን: ብናይ ሓባር ድምጺ እቶም ካብ ኤርትራ ብሕጋዊ መንገዲ ንኣህጉራዊ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ሃገሮም ወኪሎም ክሳተፉ ዝመጹ ተጻወቲ ኩዕሶ እግሪ: ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጸቕጢ ንሃገሮም ወኪሎም ናብ ቦትስዋና ክሳብ ዝመጹ: ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ከም ዘለዎም ኢዩ ዝውሰን ዘሎ:: ናይ ምዕራብ መሳርሒ ዜናታት ኩለን ነዚ ናይ 10 ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ: ኣብ ቦትስዋና ምትራፎም ከም ሕሱም የንበድብደኦ ኣለዋ:: ነቲ ንምትራፎም ተባሂሉ ዝተኻየደ ሽርሒ ግን ከቃልዖ ኣይከኣላን ጥራይ ዘይኮነ ኣይደለያን:: ነቲ ኹነታት ኣመልኪቱ ካብ ቦትስዋና ዝተዘርገሐ ሓበሬታ ከም ዘመልክቶ ግን: ኣብ'ቲ ጉዳይ ኣቐዲሙ ዝተዋደደ ሽርሒ ከም ዘሎ ኣይሓብአን ቅድሑ ጥብቆ ተመልከት:-
http://www.sundaystandard.info/eritrean-footballers-seek-asylum-botswana

እቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝመደበሩ Eritrean Movement for Human Rights and Democracy (EMHDR) ብመንገዲ ወኪሉ ኣዳነ ባህልቢ ኣቢሉ:: ናብ ራድዮ ኣሰናን ራድዮ ኤረናን ብቛንቛታት ትግርኛ ብድምጺ ጥራይ ተኸዊሉ መግለጺታት የጋውሕ ኣሎ:: እቲ ናይ $350.000 (ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ዶላር) ንኽጣበቐሎም ተባሂሉ ዝተኸፍለ ናይ ሕጊ ትካል: local law firm Bayford and Associates ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ'ታ ሃገር ዕላዊ ክሲ ብምምስራት እዞም 10 ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ናብ ኤርትራ እንተተመሊሶም ኣደዳ



ማእሰርትን መቕተልትን ማእሰርትን ክኾኑ ምዃኖም ኣምሪሩ ይዛረብ ኣሎ:: ነዚ ነቶም ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ካብ ዝወርዶም ሓደጋ ንምልቓቕ ከኣ: ናይ ዕቕባ መሰሎም ኣብ ቦትስዋና ክሕለወሎም ኣለዎ ብማለት: ናይ ሂማን ራይት ዎች ኣካላት ጥብቅና ምስኡ ብምጽንባር ሕጋዊ ናይ ተቓዉሞ ክሲ: ናብ ናይ'ታ ሃገር ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ሚኒስትሪ ፕረዚደንት ፍትሕን ዝተወሃሃደ ጥርዓን ኣቕሪቡ ኣሎ:: ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ'ታ ሃገር ነዚ ብምቅዋም ናይ ሕጊ ኪኢላታቱ ናብ'ቲ ቤት ፍርዲ ብምስዳድ: እቶም ተጻወትቲ ብመሰረት ሕጊ ናይ'ታ ሃገርን ኣህጉራዊ ሕጊ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ፊፋን ዘነጽሮን ምቕባል: ናይ ስደተኛ ምኽንያት ሕግታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥቃስ ክርክሩ ጀሚሩ ኣሎ:: ቅድሑ ጥብቆ ተመልከት:- http://www.sundaystandard.info/bayford-launches-urgent-bid-block-repatriation-eritrean-footballers

ኣቓዲሙ ሚኒስትሪ ፍትሒ ናይታ ሃገር ብዝመደቦ መሰረት እቶም 10 ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ብውሳኔኡ መሰረት ኣብ ዕለት 14-10-2015: ሰዓት 18:20 ናብ ኣስመራ ንምምላሶም ብመንገዲ ጆሃንስበርግ ኣቢሎም ናብ ሃገሮም ክምለሱ መዲብዎ ዘሎ ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎ ንምምልካት: ነቲ ጉዳይ ሕጋውነት ንምልባስ ነቲ መስርሕ ቤት ፍርዲ ይከራኸረሉ ኣሎ ቅድሑ ጥብቆ ተመልከት:- http://www.thevoicebw.com/2015/10/14/dodgy-eritrea-players-persuaded-to-go-home/

እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ክስተት ጠነግ ሸረኹ ካብቶም ቀንዲ ተጻባእቲ ኤርትራ ብዝተወደበ መልክዕ: ነታ ሓዳስ ሃገር ንምድኻም ተባሂሉ ብዝተወሃሃደን ዝተወደበን ኣገባብ ኣብ ዝስረሓሉ ዘሎ እዋን: እስከ ነቶም ኣብ ኣህግራዊ ስፖርታዊ ውድድር ዝተሳተፉ መንእሰያት ኤርትራ ዝተገብረሎም ኣቀባብላ ብግብሪ ንርአ:- https://www.youtube.com/watch?v=XNkUagSvaRI ብቐንዱ ኸኣ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣሜሪካ ኸ እንታይ ይብል ይህሉ::

2 ይ ክፋል
ኣብ ዝቕጽል

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!

gdusattsenatsenti@gmail.com